# ደብረ ቍስቋም

ቍስቋም ዚባሃል ኣብ ደቡብ ግብጺ ዚርከብ እምባ ኢዩ። ኣብኡ ቅድስቲ ሥድራ ኢየሱስን ማርያምን ዮሴፍን ንሠለስተ ዓመት ተዓቍቦም ዚብል ብሂል ስለዘሎ፡ ክሳዕ ሎሚ ገዳም ፈለስቲ ይርከብዎ። ቀኒስ (ዳይሩት-ዓል ሸሪፍ)፡ ብፐፕለው (ሎሚ በብላው ዚበሃል ዘሎ ዓዲ) ናብ ሰናቡ ዚበሃል ቦታ ኣተዉ። ኣብ ዝሓለፈ ዘመናት፡ ኣብ ሰናቡ መንበረ ጵጵስናን ገዳምን ነይሩ፡ ግን ኣብ መበል 15 ዘመነ ክርስትና ተሓዲጉ።

ካብኡ ናብ ኩዘ፡ Cusae ወይ ቍስቋም Kuskam ዚበሃል (ሎሚ ኣል ቁስያ al-Qusia ዚበሃል) ዓዲ በጽሑ። ኣብዚ ቪኑስ ኡራንያን ላምን ጣዖታት ይምለኹ ከምዝነበሩ ደረስቲ ታሪኽ የዘንትዉ። ከምኡ ቤት መቕደስ ጣዖታት ነበረ እሞ፡ ኣብ ጫፉ ብ7 መጋረጃ ዝተሸፈነ ምስሊ ጣዖት ነበረ። ቅድስቲ ሥድራ ኣብ ገምገም እቲ ዓዲ ምስ ቀረቡ፡ እቲ መጋረጃ ተተርተረ፡ እቲ ምስሊ ከኣ ና ባይታ ወዲቑ ሕምሽሽ በለ። ኣብቲ ጣዖት ዝነበሩ ሽጣውንቲ ነቶም ሚእቲ ዚኣኽሉ ካህናቶም፡ "ናብ ዓድኹም ሓንቲ ሰበይቲ ምስ ወዳን ምስ ዘሰንያ ዘሎ ኣረጊት ሰብኣይን፡ ምስ ሶሎሜ እትባሃል ሓንቲ ዓባይ ሰብይትን፡ እንተዘይሳደድካያ፡ ንዓዲ ክትኣቱ ሱቕ እንተፍቂድካላን፡ ኣገልግሎትካ ኬቋርጽ ኢዩ፡ ንሕና ካብዚ ዓዲ ክንወጽእ ክንግደድ ኢና።" በሎም። እቶም ካህናት ጣዖት፡ ቃል እዞም ርኹሳት መናፍስቲ ሰሚዖም በባትርን ብፋስን ኪሃርምዎም ጒየዩዎም። ስለዚ ቅድስቲ ሥድራ ኢየሱስ ካብኡ ኪሃድሙ ተገደዱ።



እንተኾነ፡ ኣብኡ ኣብ ኣል ቁስያ *(ቍስቋም)* ነደ ማርያም ብስማ እትጽዋዕ ቀዳመይቲ ቤተክርስትያን ተሠርሐት እሞ፡ ኣብ ዓውደ ዓመታ (20 ሰነ) በሻሓት ዚቍጸሩ ምእመናን ይነግዱዋ።

ካብኡ ዮሴፍ ንድራኡ ሽድሽተ ኪሎመተር ዝምርሓቓ ከተማ ወሰዶም እሞ፡ ኬዕርፉ ኢሎም ኮፍ ምስ በሉ፡ ኢየሱስ በትሪ ዮሴፍ ወሲዱ ፡ "ኣብዚ ከምዝበጻሕኩ ምልክት ክትኮነኒ ኢኻ፡" እናበለ ኣብ ምድሪ ተኸሎ። ወዮ በትሪ ድማ ሽዑ ንሽዑ ሱር ሰደደን ጠጠዐን። ሎሚ ኣብዚ ቦታ እዚ መይር ዚበሃል ንእሽቶ ከተማ ኣሎ።

ንምሸቱ ኣብ ሓደ በረኽ ቦታ ምስ ወጹ (ምናልባት ብወገን ምዕራብ ከተማ መይር ኣብ ዘሎ ጎቦታት)፡ ቅድሚኡ ድሮ ኣብ ባሳጥ ኣብ ዚበሃል ቦታ ተጓኒፎሙዎም ዝነበሩን ካብ ሽዑ ድማ ዚከታተልዎምን ዝነበሩ ክልተ ሰረቕቲ ከምብሓድሽ ረኸብዎም። ኣስያፎም ኣውጺኦም ኬፈርሕዎምን፡ ክዳውንቶም ቀንጠጥዎም። ንኢየሱስ ካብ ሕቘፌ ኣዲኡ መንጢሎም ክዳውንቱ ኣውጽኡሉ፡ ነደ ማርያም እውን ቀሚሻን ጉልባባን ገፈፍዋ። ከምኡ ንቅዱስ ዮሴፍ ጥራሕ ዝባኑ ገይሮም ገዲፎምዎም ኪኸዱ ኣንከለዉ። እግዚእትነ ማርያም፡ ክትነብዕ ጀመረት፡ "ተመሊሶም ደኣ ወደይ ከይቀትሉለይ . . . "

ሓደ ካቦትም ሽፋቱ ንድሕሪት ግልጽ እንተበለ፡ ንብጻት ኣደ ማርያም ምስ ረኣየ፡ ራሕርሓላ፡ እሞ ነቲ ኣይሁዳዊ ብጻዩ፡ "እዞም ሰባት ፍሉያት ኢዮም፡ ካብ ቤት መንግሥቲ ኢዩ እሞ፡ ሎሚስ ነዞም ሰባት ንደንግጸሎም፡ ክዳውንቱ ንምለሰሎም!" በሎ። ብጻዩ ግና፡ "ኣላብስ ነጋውሥ እኳ ኢዩ! ሎሚ ኣይገድፍን ጽባሕ ኣይገድፍን . . ." ኢሉ ኣበየ። እቲ ቀዳማይ ሰራቒ፡ ሽዑ፡ እምበኣር ብጽሕተይ ሃበኒ ኣነ ዝደለኽዎ ክገብር!" በሎ እሞ፡ ጊደኡ ንማርያም መለሰላ። ኢየሱስ ሕጻን ኢዱ

ናብኦም ገጹ ዘርጊሑ ትእምርቲ መስቀል ገይሩ፡ ነዲኡ፡ "ኣይትብከዪ እምበር ሓደ መዓልትስ ኣይሁድ ኣብ መስቀል ሸንኪሮም ኪቀትሉኒ ኢዮም፡ እዞም ክልተ ሰባት ድማ ምሳይ ኪሰቕልዎም ኢዮም፡ እቲ ኣይሁዳዊ ብጸጋመይ እዚ ግብጻዊ ብየማነይ ንኣዳም ከይተረፈ ቀዲሙዎ ድማ ናብ ገነት ኪኣቱ ኢዩ።!" በላ። ኣብ ገሊኡ ጽሑፋት ከምዚርከብ ድማ፡ ኢየሱስ ኣስዒቡ፡ "ንሓዋሩ ዝኾነ ሕሙም ኣብዚ ሸፋቱ ንኢየሱስ ኣላብሱ ቀንጢጦም ዝገደፍዎ በረኻ መጺኡ ዝተሓጽበ፡ ኢየሱስ ምእንቲ ዕራቑ ምውጻኡ ኢሉ ሕማሙ ኪቕንጥጠሉ ኢዩ።" እናበለ ተስፋ ከምዝሃቦም ይበሃል።

ዝኾነ ኾይኑ ቅድስቲ ሥድራ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንሽድሽተ ኣዋርሕ ኣብቲ ዓዲ ተቐመጡ። ድሕሪኡ ኢየሱስ ነዲኡ፡ "እዛ ንነብረላ ዘሎና ገዛ ገዳም ፈለስቲ ክትከውን ኢያ፡ ንዓና ስለዘዕቈረትና ድማ ሠራዊት ዓለም ኪጐድኡዎም ኣይኪኽእሉን ኢዮም። ውላድ ዝሰኣነት ሰበይቲ ብንጹሕ ሕልና ነዚ ቅዱስ ቦታ እናዘከረት ናባይ እንተጸልያ፡ ውላድ ክህባ ኢየ። ኣብዚ ቦታ ዚእከቡን ሽመይ ዚጽውዑን ማኅበር ኪህልዉ ኢዮም፡ ንሳቶም ድማ ጽኑዓት ኪኾኑ ኢዮም ንጸላእቶም ኬሸንፉዎም ኪኽእሉ ኢዮም። ኣብ ሕርሰን ዚጸዓራ ኣንስቲ፡ ምእንታይ ዝተሻቐልኪዮ ጻዕሪ እንተዘከራ፡ ጸሎተን ክሰምዕን ኬድሕነንን ኢየ።




ቅድስቲ ሥድራ ኣብዚ ዓዲ ስለዝጸንሕዎ ተባሪኹ ኢዩ እሞ፡ ብስም ኣደ ማርያም ዝጽዋዕ ቤተክርስትያን ተሠሪሑዎ፡ ዳይር ኣል ሙሓራቅ Dair al-Muharraq ኢሉ ይጽዋዕ። በቲ ኣብዚ ዚፍጸም ተኣምራት ተሳሒቦም፡ ካብ ምሉእ ግብጺ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ኣብኡ ኪሳለሙ ኣሻሓት ምእመናን ይምጽዎ።

ኣቡ ኣል ማኻሪም ከምዚምስክሮ፡ ቅድስቲ ሥድራ ኣብ ልዕሊ ቤተክርስትያን፡ ሓደ ኪፍሊ ወሲዶም ኣብኡ ይነብሩ ነበሩ። ኣብዚ ብትንፋስ ኢየሱስ ዝኸፈተ መስኰት ነበረ፡ ምኽንያቱ፡ ሰብ ዘይሰርሖ ወይ መሳርሒ ዘይወቀጦ መስኮት ነበረ። ሰብ ከምዝብሎ እዚኣ እታ ኣብ ምሉእ ሃገር ግብጺ ዝተሠርሐት ቀዳመይቲ ቤተክርስትያን ኢያ፡ ቅዱስ ማርቆስ ኣብ ግብጺ ምስ መጸ (60 ዓ. ም. ኣቢሉ) ኣተሠርሐት ቤተማርያም ኢያ። ሊቃውንቲ ሃገርና ንማርያም ኣብ መሬት ግብጺ ንዘሕለፈቶ ዓመታት ብዙሕ ደሪሶሙላ፡ ብፍላይ ድማ፡ ጳጳሳት ሃገርና "ብተስፋ በርትዑ" እትብል ሓዋርያዊት መልእኽቶም ነቶም ኣብ ወጻኢ ሃገራት ንዚርከቡ ምእመናን ኢሎም ዝለኣኹዋ መልእኽቲ፡ ዝጠቐስዎ "ሰቆቃወ ድንግል" ዘርእስቱ ኢዩ፡ እሞ ባፍላይ፡

# ሰቆቃወ ማርያም

ኢየሱስ ስዱድ ተስፋሆሙለነዳያን፡
ኢየሱስ ግፉዕ ምስካዮሙ ለግፉዓን፡
እግዚኣብሔረ ማኅደረ ኣልቦ ከመ ነዳያን፡
ኢየሱስ ነግድ ወፈላሲ እንዘ ውእቱ ሕጻን
ወልደ ኣብ ፍቁር ዘበኀበ ሰብእ ምኑን፡
መኃልየ ብካይ ኮነኒ ዘእሙ ኀዘን።

ዝተሰደድካ ኢየሱስ ተስፋ ስዱዳን ኢኻ፡
ዝተገፋዕካ ኢየሱስ ጸግዒ ግፉዓን ኢኻ፡
እግዚኣብሔር መሕደሪ ኣልቦ ከም ድኻ፡
ኢየሱስ ሕጻን ከሎኻ ጋሻን ገዓዝን ኰንካ፡
ፍቁር ወዱ ነቦ፡ ብሰብ ዝተነዓቕካ፡
መዝሙር ብኽያት ኮነ ኀዘን ኣዴኻ።

ርኢኹምኒ ንእስተ መርዓት፡
ጸዊራ ሕጻን እንዘ ትሐውር ፍኖተ፡
ኣኅሥሥኪ ወእብል እስከ እትከደን መሬተ፡
ማርያም ፈላሲተ ቍስቋም ዘአልብኪ ቤተ፡
አውዐየኒ ንግደትኪ ከዊኖ እሳተ።

ርኢኹምዋዶ እታ ንእሽቶይ መርዓት፡
ሕጻን ጸዊራ ኣብ መንገዲ ክትከይድ፡
ክደልየኪ ኢየ ክሳዕ ዝኽደን መሬት፡
ስደተይና ቍስቋም ማርያም ዘይብልኪ ቤት፡
ጕዕዞኺ የቃጽለኒ ከም እሳት።

# ጸሎት ኅዳፌ ነፍስ



ኣንግል፡ እቲ ኻባኺ ኣብ ቤተ ልሔም ዝተወልዶ ምውላድን፡ በጭቕርቲ ከምዝተጠቕለለን ብእዋን ቍሪ እስትንፋስ ኣድግን ላሕምን ከምዘማመቑዎን ኣዘክሪ።

ኣድንግል፡ ብዘመን ርጉም ሄሮድስ ካብ ሃገር ናይ ሃገር ምስኡ እናጐየኺ ምሳኺ ዝተሰዶ ስደት ኣዘክሪ።

ኣድንግል፡ ካብ ኣዕይንትኺ ናብ ገጽ ፍቁር ወድኺ ዝወኃዘ መሪር ንብዓት ኣዘክሪ።

ኣድንግል፡ ጥሜትን ጽምእን መከራን ኃዘንን ኵሉ ምስኡ ዝበጽሓኪ ጸበባ ኣዘክሪ።

ይቕረታ ደኣ ኣዘክሪ እምበር ጥፍኣት ኣይኹን፡ ምሕረት ደኣ ኣዘክሪ እምበር መዓት ኣይኹን። ንኃጥኣን ኣዘክሪ እምበር፡ ንጻድቃን ኣይኮነን፡ ንርሱሓት ደኣ ኣዘክሪ ንንጹሓት ኣይኮነን። ሕጂ እምበኣር ንኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ንዘለዓለም ዓለምን ነመስግኖ።